እዚ ኣብ ታሕቲ ሰፍሩ ዘሎ ጽሑፍ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ 3ይ ዓ መት ቁጽሪ 100 ቀዳም 13 ነሓሰ 1994 ኣብ ገጽ 4 ብተስፋሚካኤል ዮሃንስ ወጺኡ ነይሩ። ኣገዳስነቱ ሎሚ እዉን ስለዝተራእየኒ ከምዘልዎ የቕርቦ ኣለኹ።

# ዕቃበ ፍርያት

ብዛዕባ ኣከያይዳ ዳግመ ህንጻዊ ስርዓት ኤርትራ ዝተፈላለየ ርእይቶ ክህሉ ይኽእል'ዩ። ብወገነይ ንኣካይዳ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ስለዝከታተሎ በቲ ዉሑድ ዓቕመይ ነዚ ዝስዕብ ርእይቶ የቕርብ።

እምበኣር ቅድሚ ሕጂ ብዛዕባ ሕርሻ፣ ኢንዱስትሪ፣ ትምህርቲ፣ ወዘተ... ብሰሚናራት ይኹን ብኻልእ ብኽእላታት ተዘርቡ እዩ። ብዛዕባ ዕቃበ እቶታዊ ፍርያት ግን ሒደት ጥራይ ኢዩ ተዘርብሉ ኢለ ስለዝኣምን ኣብዚ ክጸቅጥ እደሊ። ብመጠኑ'ካ, እንተኾነ ኣብ ኤርትራ ዝተፈላለየ ፍርያት ኣሎ። እዚ ፍርያቲ'ዚ ግን ንህጹጽ መዓላ ዝውዕል ጥራይ እዩ። ብመሰረቱ ፍርያት ንዝተወሰነ ዓመታት ንምዕቃብ ክእለት የብልናን። ምኽንያቱ ዋሕዲ ጸዓት ስለዘሎ። ምስ ምምሕያሽ ጽዓት ግን ክሕሰበሉ ዝግባእ ጉዳይ ዕቃቤ ፍርያት ኮይኑ ይስምዓኒ። ከምይ'ሲ ሎሚ ድሓን ጽባሕ ግን ዘይድሓን ኽኸዉን ይኽእል። ኣብ ሐደ ግዜ ጽቡቕ እቶት ተረኽቡ ትርፊ ፍርያት ኣብ ዝሕፈሰሉ እዋን "ሎሚ ከም ልብኻ ምጽጋብ ዝተረፈካ ድማ ምድርባይ" ዝብሃል ኣዘራርባ ምስ እዚ ዘሎናዮ ዘመን ዝቃዶ ኣይኮነን። ባህርያት ዓለም ስለዝቀያየር ብተኸታታሊ ድሓን ፍርያት ዝሐፈሰሉ እዋናት የልቦን። ነዚ ኣብ ግምት ኣብ ምእትው ዋላ እዉን ኣብቲ ጽቡቕ እቶት እተረኽበሉ እዋን ምቑጣብ ከምዘድሊ ምግንዛብ የድሊ።

ቀጺሉ ዝስዕብ ፍርያት ብኸመይ ይተዓቀብ ዝብል እዩ። ነዚ ብዙሕ ዝርዝራዊ መልሲ'ካ, እንተሃለዎ ንግዝኡ ኣብ ናትና ውድዓዊ ጉዳይ ምቕያድ ይሓይሽ። ሃገርና ኤርትራ ዳርጋ ሓዊሲ ምድረ በዳን እሞ ኸኣ ሕጽረት ዝናብ ዘንጸላሉዋ ብምኻ,ና ዘሎ ዋዒ በድህካ መዝሓሊ ቦታታት ንምድላው ልዑል ሓይሊ ጽዓት የድሊ። ንግዝኡ ግን የልቦን። ስለ'ዚ ምስ ሽግርና ዝዛመድ ጥበብ ሃሰው ምባል ክድልየና እዩ። ኣብ ልዕሊ መሬት ዝስራሕ መዝሓሊ ኣባይቲ ምስቲ ዘሎ ዋዒ ደምርካ ክሳርኡ ብዙሕ እዩ። ኣብ ትሕቲ መሬት ኲዒትካ ዝዳሎ መዝሓሊ ቦታታት ግን ብትሑት ጽዓት ዝሓሸ ውጽኢት ክርከበሉ ይክኣል እዩ። እዚ መዝሓሊ'ዚ እንተተኻእሉ ብሓፈሻኡ ፍርያት ኣብ ዘዝርከበሉ ከባብታት ይኸዉን።

ካልእ ምስ'ዚ ተተሓሒዙ ዝኸይድ ድማ መንግስቲ ኣብ ምዕቃብ ፍርያት ዚጻወቶ ተራ እዩ። ኣብ ሓደ ከባቢ ዉልቀሰባት ብዝገበርዎ ጻዕሪ ጽቡቕ ፍርያት ኮምደረ ሓፍሶም እንተኾይኖም እሞ ኸኣ ብምኽንያት መጎዓዓዚን መኽዘንን ወይ ከኣ ብኻልእ ምኽንያታት እንተድኣ ተበላሽይዎም እዚ ንሃገር ዓቢ ክሳራ ኢዩ። በዝን ክንድዝን ተራ መንግስቲ ኣብ ምዕቃብ እቶት ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ዝኾነ ቦታታት ሃገርና ወይኒ ከፍርዩ ዝኽእሉ ሰባት እንተልዮም'ሞ ነቲ ፍርያቶም ብዉልቂ ይኹን ብማሕበራት ንምዕቃብ ዓቕሚ ምስ ዘይህልዎም መንግስቲ ባዕሉ ዘይእክበሉን ዝይዕቅበሉን ምኽንያት የብሉን። ከመይሲ ኣብ ካልእ ኩርናዕ ሃገርና ስኣን ወይኒ ዝጮኸራ ትካላት ክህሉዋ ስለዝኽእላ።

መንግስቲ እቶት ምጥርናፍን ምዕቃብን ምክፍፋልን ጥርሕ ዘይኮነ ስሉጥ ዕዳጋታት ክኸፍት እንተድኣ ክእሉ ዉልቀሰባት ይኹኑ ማሕበራት ነቲ ዘለዎም ጉልበትን ፍልጠትን ኣብ ምፍራይ ጥራሕ መውዓልዎ። ብዓይነቱ ብሉጽ እቶት'ውን መፍረዩ።

ሽቕለት ኣልቦነት ክኣ ምጎደለ ነይሩ። እዚ ግን ንእተወሰነ እዋን እዩ። ክሳብ ሃገር ብኽልተ እግራ ትረግጽን ዜጋታት ዕድል ዝረኽቡን። ድሕርኡ ግን እቲ ሓላፍነት ኣብ ኢድ ዉልቀሰባትን ማሕበራትን ኪኣቱ ይኽእል።

እዚ ዝብሃል ዘሎ ምዕቃብ ፍርያት ግጉይ ሓበሬታ ከይህብ ዝያዳ ከብርሆ። ኣብ ዝኾነ ናይ እቶት ስራሕ ብመጀመርያ ጥረ ነገራት ምቕራብ የድሊ። ብድሕርኡ ብማሽነሪ ይኹን ብጉልበት ሰብ ኣብ ውዱእ ፍርያት ምብጻሕ ኢዩ። እዚ ነንሓድሕዱ ዝተኣሳሰረ ኢዩ። ኩሉ ክኣ ስሉጥ ኣሰራርሓ ይሓትት። እቲ ሓደ ምግዓዝ ፍርያት ክኸዉን ከሎ፣ እቲ ካልኣይ ክኣ ዕዳጋ ፍርያት ኢዩ። ስሉጥ መጎዓዓዚ ከም መገዲ፣ መካይን ዝኣመሳሰሉ ኢዩ። በዚ መሰረት'ዚ መንግስቲ ዓበይቲ ጽርግያታት ምስርሑ ሓደ ኣብነት ኢዩ። ከመይሲ እዚ ሕጂ ዝህነጽ ዘሎ ጽርግያታት ኣብ ኢድ ውልቀሰባት ወይ ከኣ ማሕበራት ይእቶ እንተዝብሃል ነይሩ ምስዚ ሕጂ ዘሎ ኩነታት ኣይምተቓደወን። ምናልባት ድሕሪ ሓጽር ግዜ ግን መንግስቲ ጽርግያታት ካብ ምስራሕ ይገላገል ይኸዉን። እቲ ካልኣይ ነጥቢ ንዕዳጋ ዝምልከት ኢዩ። ኣብዚ እዋን'ዚ ህዝቢ ዳርጋ ኣብ ዕጸው መንገዲ ኢዩ በጽሑ ዘሎ። እታ እንኮ መፍትሒ ኣብ ኢድ መንግስቲ ጥራሕ ኢያ ዘላ። “ነዚ ድኻ መንግስቲ እንታይ ግበር ኢኻ ትብሎ ዘሎኻ” ዝብል ሕቶ ይቐርበለይ ይኸዉን። መልሰይ ግን ድኻ ህዝቢ'ኸ ካበይ የምጽእ ዝብል ኢዩ። እሞ ተተሓሕዝካ ምቑዛም'ዶ የምጽእ፣ ኣይፋልን። ኣብዚ ግዜ'ዚ ተበግሶን ሓላፍነትን ምውሳድ ኣብ ኢድ መንግስቲ ጥራሕ ኢዩ ዘሎ። ብለቓሕ እዉን እንተኾነ ክጸገመሉ ዝኽእል መንግስቲ ጥራይ ኢዩ። መንግስቲ ሓላፍነት ምዕቃብ እቶት እንተድኣ ወሲዱ፣ ዉልቀ ሰባትን ማሕበራትን ነቲ ምፍራይ ብድፍረት ክጅምርዎን ከሰስንዎም ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት መኣዛ ዘለዎ መግቢ ሕጻናት ክጥቀስ ይክኣል።

እዚ ሕጂ ዝግለጽ ዘሎ ምዕቃብ እቶት ብተዘዋዋሪ መገዲ ከም ንምትብባዕ እቶት ዝወሃብ ቦነስ ክቑጸር ይክኣል። ንዉልቀ ሰባትን ማሕበራትን ትሕጃ ዝፈጥር ጽኑዕን ዘተኣማምንን ዋሕስ ስለዝኾነ።

ጽርግያታት መትኒ ምዕባሌታት ኢዩ እተባህለ፣ ምድላው ንዕቃቤ እቶት ዝሕግዝ መዝሓሊ ቦታታት ኣብቲ ፍርያት ዝርከበሉ ከባቢታት ድማ ምስኡ ተተሓሒዙ ዝኸይድ ኢዩ። ብድሕርኡ መንግስቲ ካብ ኢድ ኣፍርይቲ እናዓደገ ምኽዛን፣ ኣድላይ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ምክፍፋል ኣገዳሲ ኢዩ። ክርሳዕ ዘይብሉ ሓቒ ግን እቲ ፍርያት ንመሰረታዊ ጠለባት ህዝቢ ዘርዊ፣ ብቕጥታ ካብ ኣፍራዪ ንተጠቃሚ ህዝቢ ዝቐርብ ኪኸዉን ይግባእ። እዚ ኮይኑ ግን መንግስቲ ነቶም ብትርፊ ዘፍርዩ ጥራሕ እዩ ዝርከቦም። ውልቀ ሰባት ይኹኑ ማሕበራት ኣብ ክንዲ ብጽብብ ዝበለ ኣተሓሳስባ ኣብ ሳንቲም ወዲ ሳንቲም ትርፍታት ዘማዕድዉ፣ ብኣድማዒ እቶታዊ ስርሓት ናብ ርእሰ ማላዊ ዝንባለታት ከድህቡ ይኽእሉ። እዚ ምስ ናይ ወጻኢ ሸርፊ ኣተሓሕዝካ ክጥመት ከሎ፣ ኣወንታዊ ኢዩ። መንግስቲ ንኣፍረይቲ ዘተኣማምን ባይታ ንምፍጣር ዘኽእሎ ስጉምትታት ወስዱ ከሎ፣ ውልቀ ሰባትን ማሕበራትን ብጻዕሮም
ካልእ ኣማራጺ መገዲ እንተረኺቦም፣ ሰናይ እምበር ክፉእ ኣይኮነን። ከመይሲ መንግስቲ ነቲ ዘዳለዎ መዐቀቢ ቦታታት ክሳርኡ ሽፍኑ ናብ ውልቀ ሰባት ይኹን ናብ ማሕበራት ንምስግጋር ጥራይ ኢዩ። እዚ ኣብ መጀመርያ ንዉልቀ ሰባት ይኹን ንማሕበራት ንምፍትሑ ሓሸጋሪ ኮይኑ ዝነበረ ጉዳይ ብመንግስቲ ተቓሊሉ ማለት ኢዩ። ንሓዋሩ ኘኽብጻሕ ዝድለ ዘሎ ከኣ እዚ'ዩ።

ንምንታይ ግን ክሳብ ክንድ'ዚ ዝኣክል ሃልኪ ኣብዚ ግዜ'ዚ ካብ መንግስቲ ተደልዩ! እወ ኣብ ሕሉፍ ተምክሮ ካልኦት ስሉስ ዓለም ሃገራት እንተርኢና፣ እቲ ቀንዲ

ድኽመት ሃገራት ስሉስ ዓለም ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ቀንዲ ረቻ,ሒ ምዕባለ ሃገር ዘይምስታፈን ኢዩ። ንሕና ካብዚ ክንወጽእ ኣሎና። ብስራሕ ዝጽመድ መንግስቲ እዩ ዘድልየና።

ሓላይ ህዝቡ ዝኾነ መንግስቲ፣ ከምኡ እዉን ጻዕረኛን ሓርኮትኮት ባሃላይ ህዝቢ ካብ ሃለወና፣ ባህርያዊ ጸገማትና ንጎድኒ ገድፍና ንቕድሚት ክንደፍእ ይግብኣና። ምዕባለ ክንብል ኮሎና ብምሰረቱ ድልየት ህዝቢ ብቑዳምነት ዝሰርዕ ማለትና ኢዩ። ጠለብ ህዝቢ ንጎድኒ ገድፍካ ንርኣዩለይን ስምዑለይን ጥራይ ዝህነጽ ዓበይቲ ህንጻታት ይኹን ስታዲዩም ካብ ጥቕሙ ጉዳኣቱ የምዝን። ብፍላይ እቶት ኣብ ምስሳንን ምዕቃብን ኣብ እንዛረበሉ እዋን። ምስ'ዚ ኣተሓሕዝና ብዛዕባ ንስደድ ዝምልከት ምጥቃስ የድሊ። ሰደድ ብመሰረቱ ሽርፊ ወጻኢ ንምኽዕባት ኢዩ ዘድለ። ብዓይነቱ ብሉጽ ዝኾነ ዝኾነ ፍርያት ብምቕራብ ኣብ ዓለም ተወዳድርካ ሽርፊ ወጻኢ ንኽትረክብ ምሕላን ዘየድሊ ሃልኪ ኢዩ። ከመይሲ መነባብሮ ህዝቢ እናተጣላዕካ ዝግበር ስርሓት ኣብ መጨረሻኡ ክሳራ ምኻኑ ፍሉጥ ኢዩ። የግዳስ ብብዝሒ እናኣፍረኻ ኣብ ዕዳጋ ምቕራብ ዝበለጸ ኢዩ።

ሓደ ኣብ ማእቶታዊ ፍርያት ስርሓት ዝተዋፈረ ሰብ እንተድኣ ዓሰርተ ሕብስቲ ኣፍርዩ ንዕዳጋ ኣውርዱ'ሞ በብዕስርተ ሳንቲም ኣንተሸይጥዎ ሓንቲ ቕርሺ የእቱ ኣሎ ማለት እዩ። ካብዚ ወጻኢኡ 80 ሳንቲም ኮይኑ 20 ሳንቲም የትርፍ ኣሎ ማለት ኢዩ። እንተኾነ ግን ኣብ ነብሱ ንኽዕንገል ካብተን ዓሰርተ ሕብስቲ ክልተ እንተድኣ በሊዑለን እሞ ካብ ጅብኡ 20 ሳንቲም ኣውጺኡ ኣብቲ ዝሸቀጦ ገንዘብ ሓዊስዎ ዘይሩ ዘይሩ ትርፊ ዘይብሉ ይኸዉን። ግን ኣብ ክንዲ ዓስርቲ ሕብስቲ ብመጠን እናነከየ ዓስርተዉ ክለተ ሕብስቲ ገይርወን ነይሩ እንተዝኸዉን ክልተ ሕብስቲ በልዑ 20 ሳንቲም ትርፊ ምረኸበ ነይሩ። ካብዚ ብዝተረፈ ግን ጸሙ ዊዕሉ ነተን 20 ሳንቲም ትርፊ ክረኽበን ይኽእል ኢዩ። እዚ ግን ነብሸኻ እናጎዳእካ ዝርከብ ትርፊ ብጥዕና ኣንጻር ቅቡል ኣይክነን።

ነዚ ኣብ ላዕሊ ብሕጽር ዝበለ ቀርቡ ዘሎ ጉዳያት ቀንዲ መንቀልኡ ምዕቃብ እቶታዊ ፍርያት ኢዩ። ስለዚ ኣብቲ ምስ ኤርትራ ዝሳነ መብዛሕትኡ ኣብ ደረቕን ዋዒ ክጻወር ዝኽእል እቶት ምድሃብ ሓጋዚ ኢዩ። ብርእሰ ምርኮሳ ከርኤ ከሎ እዉን መግቢ ብዝትተኣማምን መገዲ ንህዝቢ መታን ክቐርብ እቶት ብመንግስቲ ዝዕቀበሉ መዳያት ሃሰው ምባል የድሊ። ሽቃጦ ንኣፍረይቲ ዜጋታት ኪጻልዉ ተኽእሎ ኣለዎም። ንንኣሽቱን ማእከሎትን ሽቃጦ ኣብ ሃገርና ምብዝሖም ከሰደምምና ኣይግባእን። እዚ ከኣ ካልእ ኣመራጺ ብዉ፡ልቀ ሰባት ይኹን ማሕበራት ዝተኣማምን እቶታዊ ስርሓት ስለዘየሎ ኢዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ሽቃጣይ ናብ ኣፍራያይ ክሰጋገር እንተበለ ፍርያቱ ኣብ ዕዳጋ ወሪዱ
ዓዳጋይ ዚረክብ ምኻኑ እንታይ ዘተኣማምን ኩነት ኣለዎ! ሰለዚ ከኣ ኢዩ ኣብ መፈልምትኡ እዉን መንግስቲ ንኣፍረይቲ ዕዳግኦም ኣብ ምንቅስቓስ ኣብነት ኮይኑ ክሳተፍ ኣለዎ እተባህለ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ንነኣሽቱን ንማእከሎትን ሽቃጦ ኤርትራ *ክተዳኽሞም ምፍታን ልክዕ ከም ርእሰ ቅትለት ኢዩ ዝቑጸር። ዉዒሉ ሓዲሩ ናይ'ዚ ግዳይ ዝኾኑ ዜጋታት ድሕሪ ነዊሕ እዋን ኣብ ቁጠባዊ ቅልውላዋት ኪርኤ ኢዩ። እዞም ናይ ሎሚ ንኣሽቱን ማእከሎትን ሽቃጦ ዓብዮም ጽባሕ ርእሰ ማላዊያን እንተዘይኮይኖም ጽባሕ ወይ ድሕሪ ጽባሕ “ርእሰ ማላዊያን ዜጋታት ኣብዚ መዳይ'ዚ ርእሰ ማልኮም ኣፍስሱ” እንተተባህሉ ካበይ ኪመጹ እዮም። ኮይኑ ተርፉ ኣብ ወጻእተኛታት ምምዕዳው ክመጽእ ኢዩ። እምብኣር ኣንፈት መንግስቲ ኣብ ክንዲ ቀጥታ ንዕዳጋ ብምቁጽጻር ማለት ንግዚኡ ሽግር ህዝቢ ንምፍታሕ ተባሂሉ ብዝሓሰረ ዋጋ ካብ ወጻኢ ይኹን ካ ጎረባብቲ ሃገራት ካብ ምሽማት ብፍልይ ዝበለ ኣካይዳ*

*ንሸቃጦ ናብ ኣፍሪይቲ ንምቕያር ዘኽእል ሓደን ኣማራጽን ምዕቃብ እቶታዊ ፍርያት ኪድፍኣሉ ይግባኣ። ከመይሲ ብዘይ ሰኽፍታ ኣፍርኻ ብዙሕ መኽሰብ እናተረኸበ ከሎ ብኣንጻሩ ኣብ ሸቐጥ ተገተርካ ቀንፈዘው ምባል ምተረፈ። ወይ ክኣ ከምዚ ኣብ ላዕሊ እተገልጸ ድሕሪ ዕዉት ሸቐጥ ርእሰ ማል ዘኻዕበተ ዜጋ ናብ ምፍራይ ዝዕላምኡ ወፍሪ ርእሰ ማል መዘምበለ።*

*ስለዚ ኣብ መደምደምታ ንቑጠባዊ ሃገር ንምንቅስቓስ መንግስትን ህዝብን ዝጻወትዎ ተራ ቀንዲ ኢዩ ኡካ, እለተተባህለ፥ ኣብዚ ግዜ እዚ ግን ካብ ህዝቢ ምጽባይ ዘይመስል ነገር ኢዩ። ስለዚ መንግስቲ ብድፍረት ተበግሶ ወሲዱ ንዕዳጋ ህይወት ክዘርኣሉ ይግባእ። እዚ ክብል ከለኹ ግን ሃሰው ኢለ ሓድሽ ሓሳብ ኣቕርብ ኣልኹ ማለት ኣይኮነን። እንታይ ድኣ እቲ ጉዳይ ብዙሕ ዘይተዘርበሉ ስለዝኾነ ኢየ።*

*ተስፋሚካኤል ዮሃንስ*
*ኦስሎ ኖርወይ*